# "ኣልወለድም!"

ከቡራትን ከቡራንን ኣንበብቲ፡ ከመይ ትኾኑ ኣሎኹም፣ ሰላም ወ ሰናይ ክትብሉኒ በዓል ሙሉእ ተስፋ እየ።ናይ ሎሚ ሓጺር ዘዕባይ ኣብ ጉዳይ ክቡር ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ዘድሃበ ክገብሮ ተቐሲበ ኣሎኹ።እቲ ምንታይ፡ኣነ'ውን ኣብ መዳጎኒ-ዘሪባ ተዳጒነ ብምውርሓይ ዘኸተሎ ጉዳይ ኢዩ።ንሱ ኸኣ፡ኣብ'ቲ ቀጽሪ መዳጎኒ-ዘሪባ ምሸት-ምሸት ጸሎትን ምህለላን ይግበር ብምንባሩ፡ብሰላም ክንወጽእን ሰላም ከውርደልና ተዓሊሙ፡ብቶም 20 ዝኾኑ ኣቐይሸትን ኣገልገልትን ካህናት ተመሪሕና ክንጽልይ ከሎና፡ንስም ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ እናሻዕ ክዝርክን ከልዕልን ይቐሰብ ብምንባረይ፡ነቲ ሓያል ሰሃሮይ ብማሕለኻታት ጉዕዞ ሕይወት ዘንቀሎ፣ብናህሪ ዝተሓንጠጠ ጽሑፍ ምዃኑ ከስምረሉ እፈቱ።እዚ ኸኣ ኣሉታውን እወንታውን ተራን ግደን ከም ዝህልዎ ርዑም ምኳኑ ክሕብር እረድይ።

ብዛዕባ ክቡር ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣድሂበ ክፈልጥን ክጽሕፍን ካብ ዝሓሰብ-እንሆ ሳልሳይ ዓመት ሒዙ ኣሎ።ወላ እኳ ብዛዕብኡም ገለ ክሕንጥጥ ኣሎኒ፡ካብ ዝበልል መመላእታ 20 ዓመት ተኾነኒ፡እንተኾነ ከም እኒ ዶ/ር ደጀዝማች ዘውደን መሰልቶምን ብሞት ካብ'ዛ ዓለም ብምፍላዮም ብዙሕ ኣሰናኺሉኒ'ዩ።እንተላይ ናተይ ድኽመታት ተወሲኽዎ ማለት`ዩ።

ብዝኾነ ንታሪኽ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ብሰፊሑ ንምፍላጥ ዓሊመ ንዝተፈላለዩ ሰባት-እናሻዕ ሓቲተ ዝዕግብ መልስታት ብዘይምርካበይ፡ናብ ሓያል ጻዕሪ ምውካስን ምምርማርን መጽሓፍትን ፅሑፋትን ክኣቱ በሪ ኣርሒዩለይ ኢዩ።እዚ'ውን ከም ትፅቢተይ ሽሕ'ኺ ኣይኾኑን እምበር መባእታዊ ስእልን ሓበሬታን ክጭብጥ ግን ኣክኢሉኒ ኢዩ እብል።



ቅድሚ ምእሳረይ ንሓደ ወርሒ ሙሉእ ኣቢሉ ይኸውን፡ኣብ ኖርወይ፣ኣብ ሽወደን፣ኣብ ዓዲ ጥልያን፣ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፣ኣብ ሃገረ እስራኤልን ወዘተን ዝርከቡ ተመራመርቲ ታሪኽ ምድሪ ሓበሻ (ኢትዮጵያን ኤርትራን) ዝኾኑ ክሓትት ግዲ ኰይኑኒ ነበረ።

**→እዚኦም ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኢዮም።**

ኣብ'ዚ ዝገበርኽዎ ጻዕርታት ድማ ብተመሳሳሊ ዝዕግብ ምላሽ ኣይረኸብኩን'የ።ካብ'ቶም ዝተወከስክዎም ንገሊኦም ምስ ንርእዮም ኸኣ፡ዶ/ር ኣውሮራ ማሳ፣ፕሮፌሰር ባርባራ ሰርጉዮኒ፣ዶ/ር ክንፈ ተስፉጋብር፣ፕሮፌሰር ኣለክሳንድሮ ካብ ዓዲ ጥልያን፣ወ/ሮ ኣይዳ ኪዳነ፣ዶ/ር ስብሓቱ ገብረሚካኤል፣ዶ/ር ገብረመድሕንን መምህር ኣዲን ካብ ሽወደን፣ዶ/ር ረይዶልፍ ሞልቨር፣ጋዜጠኛን ጸሓፍን ደሳለ በረኸት፣ኣቶ እምነቱ ተስፋይ (ሰናዳይ ታሪኽን ጸሓፍን) ወዘተ ካብ ኖርወይ፣ፕሮፌሰር ሃጋይ ኢርሊክ፣ኣበበ መለሰ (ናይ ክብሪ ዶክተር)፣ዶ/ር ኒኮላስ ሻይዘር ወዘተን ካብ እስራኤል ወዘተረፈ ዝከኣሎም ክሕግዙኒን ዝፈልጥዎ ሓበሬታ ክምጥውኒ ብስልኽን ብሰታሪትን ሒለት ቢለ ኢየ።

ገሊ'ኦም ቃል ኣትዮሙለይ ኣሎዉ-ገሊኦም ድማ ዝሓሸ ሰብን መገድን ዝበልዎ ኣንፈቶሙለይ'ዮም።እዚ ሓጺር ስእሊ ድኻመይን ገለ ፍረታቱን ንምእፍኣም ዝዓለመ'ዩ።ንሎሚ ግን ቐንዲ ኣተኩሮይ፡ኣብ'ዚ ቕነ እዚ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢይ፡ኣብ ጉዳይ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማን ሃብሮም ጸሓፍን ደራስን ኣቤ ጉብኛን ኣድሂበ ሓጺር ጽሑፍ ምስ ስእልታቱ ኣሰንየ ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪበ ነይረ።

ካብ ዶ/ር ረይዶልፍ ሞልቨር ጀሚሩ ድማ ብዛዕባ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣድሂበ-ኣስፊሐ ክጽሕፍ ለበዋ ብዕቱብ ሂቦሙኒ'ዮም።ንዓይ`ውን ካብ'ቲ ድቓስ ዝኣብየኒን ኣብ ጸሎተይ ተገዲሰ ዝጽልየሉን ጉዳይ ናቶም ሓደን ቐላስን ጉዳይ ምኳኑ ከቶ ኣይሰሓትክዎን'የ።

ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ፡ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ካብ'ቶም ብመንፋዕቶም ልሉይ ተምሃራይ ምንባሮም ማህደር ታሪኮም ይሕብሮ'ዩ።ግን "ታሪክ ያለው አይሞትም" ኢሎም ቅድሚ 74 ዓመት ዝጽሕፍዎ ዚነበሩ ፅሑፋት፡በቲ ሓደ ወገኑ ምስ'ቲ ኹሉ ደርማስ ታሪኾም ተቐቢሮም ምጽንሖም ይሕዝነኻን ይሕርነኻን'ዩ።በቲ ሓደ ወገን ድማ እቲ ከም ብወርቂ ቀለም ክጸሓፍ ዝግብኦ ታሪኾም ብስንፍነት ፈለጥቶምን መቐርበምን፡ኣብ ሑጻ ባሕሪ ተቐቢሩ ብምጽንሑ ይእርምመኻ'ዩ።

ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣብ መዳይ ዓውዲ ምዕባለ ቍጠባ (Economic development) ድሕሪ እኒ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ-ምስ እኒ ደሬሣ ኣማንቱ ዝተብሃሉ ምሁር ዝሰርዑ ምኺኖም፡ቅድሚ 20 ዓመት ዝሰማዕኽዎ ምስክርነት፡ካብ ምሁራት እቲ ዓውዲ ምስክርነትን ጽሑፍን ብምርካበይ፡ድኻመይ ንከንቱ ዘይገብረ ፈጣሪ ከማስዎ ተገዲደ ኣሎኹ።ንዶ/ር ኣለማየሁ ገዳ ምላሾም እጽበይ ምህላወይ ብምጥቓስ-ንኣበርክትኦምን ምዝካሮን ክብሪ ይግብኦም'ዩ እብል።


ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ

ከም እምነትን ሓበሬታን፡ገለ ተመራመር ፀሓፍትን ተኰይኑ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ምሁር ሥነ ሕጊ እምበር ዓቢይ ምሁር ዓውደ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ምንባሮም ምንም ኣይፈልጡን ምንባሮም ክዕዘብ ክኢለ'የ።ካልእ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ሚዛናውን ርትዓውን ጸሓፊ ምንባሮም ድማ ዳርጋ መብዛሕትዎም ጭራሽ ኣይፈልጡን ነበሩ።እዚታት ድማ ብዕምቆት ክምርምርን ክሓትትን ገይሩኒ ኢዩ።

በዚ ዘሎ ኩነታት ክእሰር ከለኹ፡ነቶም ፖሊስ ካብ ዝለመንክዎም ነገር ተሃልዩ፡ኣብ'ቲ ሒዞሞ ዘሎዉ ቦርሳ ሰነዳትን ኣብ'ተን ሞባይላተይን ካልእን መኽዘን ሓበሬታትን፡ዘሎ ንብረታት ንዓመታት ዝደኸምክሉ ብምዃኑ፡"ሓደራኹም ወላ ክልተ ገጽ ታሪኽ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ፡ኣብ ቅድሚየኩም ኰይነ ክጽሕፍ እሞ ካብኡ ድላይኩም ትገብሩ!"-በልክዎም ግን ዕጥጥ ኣይበሎምን።መሊሾም ደኣ ኣግዲዶሙለይ።ኣብ'ቲ መዳጎኒ-ዘሪባ ግን ብርዕን ወረቐትን ለሚነ ብምእታው ሓደ ግዱስ ፖሊስ ክተሓባበረኒ ብምክኣሉ፡ከመቕጽበት ዳምዳም በልኩ።

እቲ ናብ ሓንጎለይ ንእለቱ ዝመጸለይን ዝዘከርክዎን ክሓናጥጥ ጉያ-ጉያ በልኩ።እቲ ምንታይ ክምጠል ወይ ዝገደደ ክመጸኒ ትክእሎ ደርማስ ኢዩ ነይሩ፣ብምሕረት ኣምላኽ ሃታ-ሃታ ቢለ፡ዘድልዩኒ ታሪኻት ፍርቒ ጥራዝ ዝኸውን ሓንጢጠ ኣስፈርኩ።ደርፊ ኣቶ ብርሃነ "መኪርናዮም ምዒድናዮም ኣቢዮሙና፣ድሕሪ ደጊም ግን ብሬን ኢዩ ዓራቂና!"-እናሰማዕኹን እናሰሓቕኹን ትምኒተይን ማህገራዊ ሃረርታይን ክፍጽም ምክኣለይ ምስጋናይ ንፈጣሪ ደጊመ ኣብጻሕኹ።

ታሪኽ ክቡር ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ረዚንን ክቡርን ታሪኽ ኢዩ፣ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓበይቲ ሰብ ዕድመ ጸጋን ኣቐይሽትን ታሪኽ ከውግዖም ይደልዩን ይሓቱንን ብምንባሮም በታ ዝፈልጣ ንእሽተይ ፍልጠተይ ወጃእ ክንብል ንውዕልን ነምስይን ብምንባርና፡ንታሪኽ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ብዓቕመይ ክፅሕፎ ብጸሎትን ምህለላን ዝሓገዙኒ-ኣቦታትን ኣቐይሽትን ብልቢ እናመስገንኩ-ናብ ፍረ-ነገረይ ከብለኹም እፈቱ።

**#-"ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ ብዙሕ ሰብ ብዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋሁን ተዛማዲ ምኽንያታትን፡ዝተፈላለዩ መጽሓፍቲ ታሪኽን ገለ ታሪኻዊ ልበ-ወለዳትን ከንብብ ተቐሲቡ ምህላዉ ርዑም ይመስል።**

**ሓንቲ ካብ'ተን ኣዚየን ዝንበባ ዘሎዋ መፅሓፍቲ ኸኣ "አልወለድም" ትብል መጽሓፍ ደራስን ጋዜጠኛን አቤ ጉበኛ ኢያ።ኣነ ድማ መሊሸ ከንብባ ተቐሲበ ኢየ።እቲ ምንታይ፡ኣዚያ ተንካፊትን ወድዓዊትን ብምዃና እቲ ዋና ፍረ-ነገሩ'ዩ፣ስለዚ፡ነቶም ዘየንበብክምዋ ንበብዋ ኢኹም ክብል እፈቱ።**




**ብተወሳኺ ኸኣ፡ሓደው ኣቤ ጉበኛ ማዕረ ክንደይ ንፉዕን ሓያል ጸሓፋይን ምዃኑ ክስወጠኹም ይኸውን'ዩ እብል።እቲ ዝዓበየ ድማ ሕመረት "አልወለድም!" ወይ ድማ (ኣይውለድን'የ) ማዕረ**

**ክንደይ ኣብ'ዚ ፈታንን በዳህን ጊዜ ካብ`ኡ ናብ`ኡ ኸኣ፡ ኣብ ዘለናሉ ሃዋሁን ህሞትን ብምህላውና ኣገዳስነታ ብዕፅፍታት ወሲኹ ምህላው፡ካልእ ደርማስ ዝኾነ ሕያው ኣብነት ኢዩ።**

**ከም ኣነ ንዓይ፡እታ ዝበለጸት ኣምኃ (ኣምሃ) ኢያ።ደጊመ ደጋጊመ ከንብባ ምክኣለይ ሕጉስ ኢየ።እቶም ሓደ ኣብ`ዚ ስእሊ ዘሎዉ ኸኣ ክቡር ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ይበሃሉ።ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ካብ ዝፍለዩ እንሆ ናብ 59 ዓመት ኣቢሉ ኲይኑ ኣሎ።ኣብ ዓውዲ ማሕበራዊ ሥነ-ፍልጠት (ፖለቲካል ሳይንስ) ብማዕረግ ዶክትሬት ድግሪ ካብ ዓዲ ጥልያን ቅድሚ 90 ዓመት ኣቢሉ ዝተጓናጸፉ ወከፍ ኢዮም።**

**ካብ'ቶም ኣብ መግዛእቲ ጥልያን ሕሱም ማእሰርትን ስቓያትን ዘጋጠሞምን ኣብ ዝተፈላለዩ መዝነቲ ዛሪባ ወይ ድማ መዳጎኒ ዛሪባ (concentration camps) ብዘይ ማይን መግብን ንመዓልታት ካብ ዝእሰሩ ዚነብሩ ተደለይቲ ጸለውቲ ሰባት ሓደ `ዮም።**

**ብፍላይ ድማ ድሕሪ ፈተነ ቕትለት ግራዝያኒ፡ካብ'ቶም ብዕቱብ ዝድለዩ ምሁራት ሓደ ብምንባሮም፡ብቕንፍጽ ተታሒዞም ካብ ሓደ ቤት ማሕቡስ ናብ ካልእ ቤት ማሕቡስ እናተቀየሉ ኣልባቦም ክጠፍእን ፍናኖም ተሰይሩ ሰንሰን ክብሉን ዝተፈቕደሎም ኢዮም ነይሮም።ግን ሳላ ጽንዓቶምን ረዲኤት ፈጣርን ንኩሉ ሰጊሮሞ ኢዮም።**

**ናይዚኦምን መሰልቶምን ታሪኽ ኲነ መሪር ከም ሓሞት ሓርማዝ ዝኾነ ታሪኽ ህይወት ህቡብ ጋዜጠኛን ደራስን ኣቤ ጕበኛን ኣንቢብካን፡ንመከራካን ግዚያዊ ስቓያትካን ንንኒ ክትብሎ ይገብር ኢዩ።**

**በሉ እምበኣር እቶም ዝከኣልኩም ንታሪኽ ህይወት ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ በዓል ኢሎስ-እንዳ ሓሙሽተ ዙፋንን ታሪኽ ህይወት ኣቤ ጉበኛን፡እዛ ግርምቲ ወ ድንቒ ዝኾነ መጽሓፉ ከተንብቡ ለወባ ብምሃብ፡ንሎሚ በዚ ክፍለየኩም እፈቱ።"**

ክቡራት ኣንበብቲ፡ካብ'ዛ ሓጻር ፅሕፍቲ ገለ ተገንዚብኩም ከትኮኑ ተስፋ እገብር።ንሱ ድማ ስም ኣቤ ጉበኛን ምስ ስም ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ተታሓሒዙ ኣሎ።እዞም ክልተ በሃራትን ምዑታትን እንታይ ኢዩ ዘራኽቦም፡ ዝምድንኦምን ፍቕሮምን ከመይ ይመስል ነይሩ-ካልእ ጊዜ ክምለሶ`የ።

ንሎሚ ግን ኣቤ ጉበኛ ንፋዕን ዘይጸዓድን ሰብ ንክኸውን፡ግደ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ፍጹም ኣይነዓቕን ኢዩ።ነዚ እውን ኢዩ ስም ወዱ ሚካኤል ኣቤ ጉበኛ ኢሉ ከውፅኣሉ ዝከኣለ።ኲታ ኣብ ጉዕዞ ሕይወቱ ግደን ምክርን ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ይበልፅ ዘብል ኢዩ ነይሩ።ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብርሃን ሕትመት ክትርእይ ዘጸገማ መጽሓፎም-ሳላ ሓሳብን ምኽርን እኒ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ኣስመራ ከይዱ ክሕትማ-ወሳኒ ግደ ገይሮም ኢዮም።ንሎሚ ኣብዚ ክሕጽሮ ክቕስብ'የ።

ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣብ ኢሎስ ሓሙሽተ ዙፋን ዝጀመረ መንፋዕቶም፣ኣብ ከተማ ኣስመራ ተኲነ ካብቶም 100 ዝኾኑ ተምሃሮ ዘመናዊ ትምህርቲ፡ብመንፋዕቶም ብቕዳምነት ዝሰራዕ`ዩ ነይሩ።እዚ ድማ ናብ ድሕሪት ሓደ ዘመን ጥራሕ ምምላስ እኩል መሬጼን'ዩ።

ምስ ክቡር ኣቶ ተድላ ባይሩ፣ምስ ፕሮፌሰር ተኣምራት ኣማኑኤል፣ምስ ዶ/ር ያዕቆብ ማይትሎቪችን፣ምስ ሎሬንዞ ታእዛዝን ወዘተን ክፋለጥ ዕድል ተርሓወሉ።እዚታት ካልእ ጊዜ ክገልጾ ክፍትን'የ።



ጵምኢ ትምህርቲ ከም ማይ ዮርዳኖስ ዝሓደሮም ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ፡ናብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ዝኸድሉ እዋን-ኣብተን ጥንታውያን ዩኒቨርስታት ቶሪኖን ቦሎኛን ብምጽንባር ብዝለዓለ ዉጽኢት መኣዲ ትምህርቶም ምዝዛዛሞም ታሪኹም ዝምስክሮ ጉዳይ ኢዩ።ዩኒቨርስቲ ቶሪኖን ቦሎኛን ኣድላይ ምትሕብባር ክገብሩለይ፡ኣብ መስርሕ ጻዕሪ ይርከብ ብምህላወይ፡ምሉእ ሓበሬታ ምስ ረኸብኩ ናብ ኣንበብቲ ወሲኸ ክቐርቦ'የ።

<u>**→እዚኦም ድማ ክቡር ፕሮፌሰር ተኣምራት ኣማኑኤል እሙን ብጻዮምን መታዕይቶምን ዚነበሩ'ዮም።**</u>

ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣብ መዳጎኒ-ዘሪባ (concentration camps) ፋሽስታዊ መንግስቲ ጥልያን፡፡ንዓመታት ኣብ ኣብያተ ማእሰርትን መዳጎኒ ዘሪባታትን ምእሳሮሙን ምስቃዮምን እሰምዕ እኳ ተነበርኹ-ክብርቲ ሓፍተይ ሳራ ኣብራሃ ጠዓመ ሓግዝኒ ምስ በልክዋ።ሰነዳት ብቛንቋ ጥልያን ኣልሻ ብምልኣኽ ዓቢይ ግደ ከም ልሙድ ሰናይ ተግባራ ገይራትለይ ኢያ።

ሳራ ኣብርሃ ካብ ዝለኣከትለይ ኸኣ፡ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ-ካብ ድሕሪ ለካቲት 12/1937 ፈተነ ቕትለት ግራዝያኒ፡ካብ ዝተኣስሩን ዝተሳቀዩን ብኣሽሓት ዝቁጸሩ ግዳያት-ክሳዕ 3 ሚያዝያ 1941 ዓ/ም/ፈ ዝተፈትሕሉ ዕለት ኣብ ፈለማ ኣብ መንበሪ ኣባይቲ እንዳ ደጃዝማች ላቲባሉ፣ብድሕሪኡ ኣብ ኣቃቒ ሬድዮ ጣብያ፣ብድሕሪ`ኡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ቅዱስ ጊዮርጊስ፣ብድሕርዚ ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ድሬዳዋ-ኣብ መርሒ መስከረም 1937 ክኽዱ ተገብረ።

ካብዚ ድማ ናብ'ቲ፣ኣብ ሃገረ ሶማልያ ግዝኣት ጥልያን ነበር፡ተዶኺኑ ዝርከብ ዚነበረ፣ዝበኣሰ ቤት ማእሰርትን መዳጎኒ-ዘሪባን ዳናኔ



(Danane) ብምውሳድ ፋሽታዊ መንግስቲ ጥልያን ክሳዕ ወርሒ ታሕሳስ 1940 ዓ/ም/ፈ ክፀንሑ ብምግባር-ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣብ ኮሚሳርያት ቤት-ጽሕፈር ፖለቲካ ኣዲስ ኣበባ ክሳዕ እታ ዝወጹላ ዕለት ተቐየዱን ተሳቐዩን።

ብመንግስቲ ሃይለሥላሴ እውን ካብ ግዞትን ማእሰርትን ኣይተንሓፉን ኢዮም።

**→ጋዜጠኛ ሮማንወርቅ ካሳሁን፡ብዛዕባ ታሪኽ ኣመዓባብላ ሬድዮ ኢትዮጵያ ንፈለማ እዋን ክትጽሕፍ ፍናንን ሓገዝን ዶ/ር ሚካኤል ኣይርሳዕን`ዩ።**

መምህር ግርማይ ገብረፃድቕ፣ዶ/ር ኪሮስ ሙሉ፣ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ፣ወ/ሮ ኣልማዝ ኣበራ (በዓልቲ ቤት በኣሉ ግርማ)፣ወ/ሮ ኣለምጸሃይ (በዓልቲ ዶ/ር ደጃዝማች ዘውደ ገብረሥላሴ)፣ኣቶ ኣስፋው ተክለሃይማኖት (ኣብ ጊዜ ፈደረሽ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር ሰራሕተኛ ነበር)፣ ኣቶ መለስ ተኽለ፣ኣቶ ኪሮስ ወልደሚካኤል (ኣብ ሬድዮ ኢትዮጵያ ንዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ዝቐርጽዎም ዚነበሩ) ወዘተን ብዘይ ናትኹም ሓገዛት ጻዕረይ ከንቱ ክኸውን ምንባሩ ዕጹብ ኣይስሕቶን'የ።



**→ዶ/ር ኪሮስ ሙሉ መኰነን፡ንዶ/ር ሚካኢለ ተሰማ ዓይኖም ዝሕክምዎም ዚነበሩን ትዝታ ካብ ዝገደፍሎምን ወከፍ`ዮም።**

**ኣቶ ኣብርሃ ገብረሕይወት ካብ`ቶም ሒደት ኣዚዮም ዘድንቅዎም ሙሁራት ሓደ ዶ/ር ሚካኤል ከም ዚነበሩ ብጾቶም የውስኡ`ዮም።→**



**ጋዜጠኛን ጸሓፍን ኣብራሃ ገ/ሕይወት**

"ኣቤ ጉበኛ ኣብ'ዚ ጊዜ ተዝህሉ ነይሩ 'ኣልወለድም!'- (ኣይውለድን ኢየ) ኢሉ ከቶ ኣይምስጸሓፈን ኢዩ።"-ክብል ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ዓሊ ተዛሪቡ ነበረ።እንተኰነ ከም ኣነ ግን ብኣንፃሩ ሓርበኛ ብርዒ ኣቤ ጉበኛ ብሕይወት ተዝህሉ፡ኣብ'ዛ ዘላ ህልውቲ ሃገረ ኢትዮጵያ ፍፁም ክነብር ይትረፍ-ሲ፣ብሓሳቡ ካልኣይ ጊዜ ንከይፍጠር ምስ ጸለየ ነይሩ በሃሊ'የ።እቲ ምንታይ ኣቤ ጉበኛ ከም ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ-ጭንቂ፣መከራ፣ዉርደትን ስቓያትን ምንግልታዕን ጨሪሱ ዘይቕበልን ከቶ ደኒኑ ዘይጸዓድ-ምዑትን ሃብሮምን ብርዔኛ ብምንባሩ'ዩ እብል።



**ደጃዝማች ገብረሥላሴ ባርያጋብር-ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ዕድል ትምህርቲ ክረኽቡን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑን ወሳንን ቀላስን ዝገበሩ ወከፍ ኢዮም።**



**→ፊተውራሪ ኣስረሰሀይ ኣምባየ ናብ ዓውደ ሞያ ሕጊ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ንክኣትዉ ዶ/ር ሚካኤል ካብ ጸለውቶም ሓደ'ዮም ነይሮም።**

**ፕሮፌሰር ኣስመሮም ኪዳነ ካብ ዝሓተትክዎምን ዝተሓበበሩንን ወከፋት ሓደ'ዮም።→**



ክቡራት ኣንበብቲ እዛ ጽሕፍቲ ንድርብ ዝክሪ ትድርዕ ዓንቀጽ ኢያ።ኣብ መጻኢ ኣስፊሐን ብዝርዝርን ከቕርብ ድማ ኣምላኽ ዕድመን ጥዕናን ይሃበና ብምባል፡ንኹሎም ኣብ ጉዳይ ዶ/ር ሚካኤል ተሰማ ኣድሂበ ብመገዲ ቃለ-መጠይቕታን ብተራ ወግዕን ኣብ ንራኸቦ መጋርያ ዕላላት፡እናሻዕ ሕቶታት እናልዓልኩ ይኹን መብርሂ እናሓተትኹ-ተኸኽ ዘብለኩም ግን ድማ ከይተሓለልኩም እጃምኩም ዝግበበርኩምለይ ወከፋት ብልቢ ኤመስግን።ንክቡር ኣቶ ኢሳይያስ ወናኒ መርበብ ሓበሬታ ዓይጋፎረም ድማ ንኹልንትናዊ ደገፋትን ሓቦን ብልቢ ከመስግን እፈቱ።ሓውሲ ተስፋ ቆሪጸ ኣዋዲቀዮ ዚነበርኩ ጉዳይ ክበራበርን ጉያ-ጉያ ክብል ወሳነ ግደ ብምጽዋቱ ንዑዙዝ ሠናይ ተግባራት ደጊመ ክብረት ይሃበለይ እብል።